# ጥምሮ ስጕምቲታት ምክልኻል ለብዒ ክንደፍ ኢዩ

መንግስቲ ነቶም ብስጕምቲታት ኮሮና ተዋሪዶም ዘለው ጽላታት ዝሓሸ ቅድመ-ተተነባይነት ከስፍነለን ደልዩ ኣሎ። ስለዚ ድማ ምናልባሽ ምስ ዘድሊ ንማዕላ ዝዓለመ ጥምሮ ስጕምቲታት ምክልኻል ለብዒ ዘመላአ ዋና መምርሒታት ይነድፍ ኣሎ።

– ክኸሰቱ ዝኽእሉ ምናልባታውያን ሓደስቲ ነትጕ-ለብዒን ጅራት ቫይረስን ንምእላይ ክጥዕም፡ ርጡብ ዝኾነ ህጹጻዊ ተዳላውነት ክህልወና ኣለዎ። ንኪጋጥም ዘይንትስፈዎ ኩነታት ንምእላይ እውን ክንዳለወሉ ኣለና። እዘን ዝዳለዋ ዘለዋ ጥምሮ ስጕምቲታት ምክልኻል ለብዒ ንዝሓሸ ቅድመ-ተተነባይነት ግደ ክህልወን ኢዩ። ሓደስቲ ተለዋወጥቲ ጅራት ቫይረሳት ምስ ዝኸሰቱ እውን ብዝቐልጠፈ ኣብ ዶባትና ስጕምቲታት ንምትእትታው ክነውሕስ ኣለና ክብል ቀዳማይ ሚኒስተር ዮናስ ጋር ስተረ የገናዝበና።

ዝቕጽል ኩነታት ኣብ ሓጺር ጠመተ ይኹን ኣብ ዝተናውሐ ዘተኣማምን ኣይኮነን። ጥምሮ ስጕምቲታት ምክልኻል ለብዒ ከም መሳርሒ ንክንጥቀመሉ ዝዓለመ ኮይኑ፡ ለበዳዊ ለውጢ ምስ ዝመጽእ ድማ እንተ ንምፍኺስ ድዩ ንምትራር ስጕምቲታት ኣብ ማዕላ ክውዕል ይኽእል ኢዩ። ዝተኣታቶ ስጕምቲታት ምስ ከኩነታቱ ኣምርኩስና ከነካውኖ ኣለና፡ መምስ ኩነታቱ ክመጣጠንን ብዝተሓደሰ ሞያዊ ምኽርታት ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ከኣ ዝተሞርኮሰ ይኹውን።

–ስጕምቲታት ምክልኻል ለብዒ ንመላእ ሕብረተሰብናን ቍጠባናን ኢዮም ሳዕቤን ከኸትልሉ ጸኒሖም። ጥምሮ ስጕምቲታት ምክልኻል ለብዒ ንናይ መጻኢታት ውሳኔታት ብዛዕባ ደረጃታት ስጕምቲታታን ንዝሓሸ ሕላገት ንምጥጣሕን ንቅድመ-ተተነባይነትን ጥቕምን ወጻኢታት ኣብ ነማዛዝሉን ኩነታት ብቕዳምነት ኣብ ተቐረብ ንምድላው ዝዓለሙ ኢዮም ክኾኑ ብምባል ቀዳማይ ሚኒስተር ስተረ ይሕብር።

## ወሰኽ ዋሕዚ እማመታት ካብ ጽላታትና

ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ንጥምሮ ስጕምቲታት ምክልኻል ለብዒ ዝምልከቱ እማመታት ንምንዳፍ ሓሳባቶም ኣቕሪቦም ኣለው። ኣብ ዝቕጽል ዕሙማ ጥምሮ ስጕምቲታት እቶም ዝተፈላለዩ ሞያውያን ኣብየተጽሕፈታት ንውድባተንን ወኪላተንን እማመታቶም ንምቕራብ በብጽላታቶም ኣእዳዎም ከሐውስዎም ኢዮም። እቲ ዕላማ ድማ ብዝተኻእለ መጠን ፍጹም ንዝኾነ ንድፊ ጥምሮ ስጕምቲታት ንምንዳፍ ኢዩ።

– እቶም ጥምሮታት ኣብ ማዕላ ንከነውዕሎም ምስ እንግደድ ጽላታትና ብዝበለጸ ደረጃ ንክዳለዋሉን፡ እቶም ጥምሮታትና ብዝተኻእለ መጠን ብሉጻት ንክኾኑን ኣእዳው ኣገደስቲ ኣካላት ከነተሓዋውስ ኢና ንደሊ ክትብል ሚኒስትሪ ጥዕናን ክንክንን ሻርኮል ድልየታ ተካፍል።

መታን እዞም ጥምሮ ስጉምቲታት ፍጹማት ንከኾኑ ተወሳኺ ፍልጠት ብዛዕባ ኣድማዕነት ሕብረተሰብና ክንቕስም እውን ኣገደሲ ኢዩ። ስጉምቲታት ምክልኻል ተላባዕቲ ሕማማትን ጥምሮታት ስጉምቲታትን ብደረጃ ሕብረተሰብ ከኸትልዎ ዝኽእሉ ሳዕቤናት ንምግምጋምን ንምብራህን መንግስቲ ሓንቲ ጉጅለ-ምኩራት ክኢላታት/ekspertgruppe ኣቐኒሙ ኣሎ ሕጂ።

## ሓድሽ ስትራተጂ ኮሮና

ክምኡ እውን ለበዳ ንምእላይ እንጥቀመሎም ስትራተጂታትን ህጹጻዊ ውጥናትን ንምሕዳስ መንግስቲ ይሰርሓሉ ኣሎ። ዝተኸለሰ ስትራተጂ ኣብ ወቕቲ ጽድያ 2022 ክቐርብ ኢዩ፡ ክምኡ እውን ኣብ ነዊሕ ጠመተ ምስ እዚ ቫይረስ እዚ ከመይ ኢልና ክንነብር ከም ምኳና ዝርዝር መብርሂ ክቐርብ ኢዩ። ዋና ዕላማና እንተ ውልቀሰብ ይኹን መላእ ሕብረተሰብና ከም ዝከኣል መጠን ካብ ገዚፍ ጾር ንምንጋፍ ኢዩ። እዚ ውጥን ስጉምቲታት እዚ ንባዕሉ ሓደ ኣካል ናይቶም ህጹጻዊ ውጥናትና ኢዩ።